The America Team for Freedom for Eritrea

Dialogue ዘተ Victory ዓወት Unity ሓድነት

**1/13/2010**

**FreeEritrea.org**

## ጭካኔ ህግደፍን ግብጻውያንን ይቅጽል! ሂወት ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ ትዕቆብ!!

### ክሳብ ሎሚ ዕለት 13 ጥሪ 2010 ቁጽሪ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ 1030 በጺሑ ይርከብ፡፡

**ስደት ዘላቒ ፍታሕ ህዝብን ሃገርን'ውን ኣይኮነን፡፡" ስደት ከም ኣማራጺ ዝውሰደሉ ግዜ ኣሎ ክንብል ግን ግድነት'ዩ፡፡ ዝኾነ ፍጡር ወዲ-ሰብ ናይ መጀመርያ ምርጫኡ ኣብ ሃገሩ ወይ ዓዱ'ዩ፡፡ እቲ ናይ መወዳእታ ምርጫ ግን ስደት እዩ፡፡ ስለ'ዚ ስደት ከም ኣማራጺ ተወሲዱ ግዝያዊ ፍታሕን ውሕስነትን ክርከበሉ ዝኽእል ኣማራጺ'ዩ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ሕሰመ-መግዛእቲ ካብ ስደት ዘዕርፈለን መዋእላት ወይ ዓመታት ኣለዋ እንተበልና ሓቂ ምድፋን ጥራሕ'ዩ፡፡ ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ መጀመርያ 40ታት ኣትሒዙ፡ ብሰንኪ ባዕዳውያን መግዛእቲ ክስደድ ከሎ፡ ንስደት ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ወሲዱ ድኣ'ምበር፡ ስደት ጥዑም ወይ ጽቡቕ ስለዝኾነ ኣይኮነን፡፡**

ኮይኑ ግና ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዘውርዶ ኣሰቀቕቲ ግፍዕታትን በደላትን ሽግራትን ምስዳድ ኤርትራውያን ቅኑዕ ኣማራጺ ክበሃል ይከኣል፡፡ ስለ'ዚ ብዓቐንን ግዝፍን ሽግራትን በደልን ግህሰትን ኤርትራውያን ኣብ 21 ክፍለ-ዘመን መዳርግቲ ዘይብሉ ቀዳማይ ቦታ ዝሓዘ'ዩ፡፡ ስለ'ዚ እዚ ካብ 2000 ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ዝውሕስ ዘሎ መንእሰይ ተገዲዱን ካልእ ኣማራጺ ስለዘይብሉን ድኣ'ምበር ፈትዩ ወይ'ውን ደላይ ካልእ ሃገር ኮይኑ ኣይኮነን፡፡

ብሰንኪ ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ካብ ኤርትራ ተሰዲዶም፡ ብሱዳን ግብጽን ኣቢሎም ናብ እስራኤል ንምእታው ዝዕላምኡ ግዕዞ ስደት፡ ሓሳቦም ከይሰመረሎም ኣብ ዶባት እስራኤል ዝተሓዙ ቁጽሪ ኤርትራውያን ስደተኛታት ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ኣብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ድማ ክሳቐዩን ክሞቱን ይርከቡ፡፡

**ነዞም ኣብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ እናበለዩ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፍታሕ ኣብ ምምጻእ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዓውታ'ዮም ኣእውዮም፡፡ ኣውያቶም ድማ ዓለም ጸማም እዝኒ እንተሃበቶም፣ ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ዘበስርን ታሪኻዊ ፍታሕ ንኤርታውያን ስደተኛታት ኣበሲራ፡፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ናይ ዑቅባ መሰሎም ባብ ኣርሒያትሎም፡፡ ክትጠፍእ ዝተሓሰበት ሂወት ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ኤርትራውያን ተዓቊባ ትርከብ፡፡**

ካብ ዓመት <u>2008 ወርሒ ጥቅምቲ</u> ክሳብ <u>ታሕሳስ 2009</u> ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ብሰላም ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ቁጽሪ ስደተኛታት <u>1019</u> ክበጽ ከሎ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና <u>ዓመት 2010</u> ድማ ምስ ናይ ሎሚ 4ተ ዝኣተው ደሚርካ 11 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሰላም ኣትዮም ይርከቡ፡፡ ብጠቕላላ ድማ <u>1030 (ሓደ ሽሕን ሰላሳን)</u> ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ፡ ብሓልዮትን ምትሕብባርን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብሰላም ናብ ኢትዮጵያ ምእታዎም ክፍለጥ ተካኢሉ'ሎ፡፡ እቶም ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ብሰላም ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ተዓቂቦም ምህላዎም ዘበስር ዜና'ዩ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ ግን ብድዐን ክሕደትን ስርዓት ህግደፍ ግን፡ ብኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ኣቢሉ ኣብ መበል 60 ዓመት ዋዕላ ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ UNHCR ጀኔቫ ካብ 28 መስከረም ክሳብ 2 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብሓሶትን ክሕደትን ዝተመልአ'ዩ ነይሩ፡፡ ገለ ካብቲ ዘቕረብዎ ሓሶት ንምጥቃስ፡

1- ልኡኽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ስደተኛታት ዘቕረቦም ኤርትራውያን ሰደተኛታት ኣይኮኑን፡፡
2- ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝካየድ ካምፕታት ብዘስካሕክሕ ኩነታት ተዳጕኖም ዝርከቡ ኤርትራውያን እዮም፡፡

እቲ ሓቂ ግን ብግልባጡ'ዩ፡፡ ነዚ ዝስዕብ ድማ ይመስል፡

**ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ 4ተ መዕቈቢ ስደተኛ ካምፕታት ዘጽለልና ብዓሰርተታት ኣሽሓት እንቚጸር ዜጋታት ኤርትራ ኢና፡፡ ቁጽሪ ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ኣርባዕተ ካምፕታት ማለት፡ ኣብ ትግራይ ሽመልባን ማይ-ዓይንን ኣብ ዓፋር ኣስሓይታን በርሓለን ከምኡ'ውን ኣብ ኣዲስ-ኣበባን ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣ ብኣጠቓላሊ 45,439 በጺሑ ይርከብ፡፡ እዚ ጸብጻብ ብዝሒ ስደተኛታት ክሳብ 31 ታሕሳስ 2009'ዩ፡፡**

**ብዛዕባ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቂ ሚዛናዊ ሓበሬታ ክረክብን ክፈልጥን ንዝደሊ ኣካል/ትካል/ እንተልዩ ኣብ'ቲ ብUNHCRን ARRAን ዝመሓደሩ መዕቈቢ መዓስከር ስደተኛታት ብኣካል ተንቀሳቒሱ ክዕዘብን ነቲ ሓቂ ክፈልጥን ኤርትራውያን ስደተኛታት ይጽውዑ፡፡**

**ዝተወሰነ ኣሳእል ኤርትራውያን ስደተኛታት**





